# MEARS

# CORONAVIRUS (ኮሮና ቫይረስ) / COVID-19

Tigrinya

## CORONAVIRUS (ኮሮና ቫይረስ)/ COVID -19 እንታይ እዩ፧

ኮሮና ቫይረሳት ኣብ መላእ ዓለም ዘስፋሕፍሑ ዓበይቲ ክፋላት ቫይረስ እዮም። እዞም ቫይረሳት እዚኦም ፎኮስቲ ከስዕቡ ይኽእሉ ካብ ረስንን ሰዓልን ክድሳ ከበድቲ ኵነታት ከም ጽኑዕ ኒሞንያ፡ ሕጽረት ምስትንፋስ ከምኡ ድማ ናይ ምስትንፋስ ጸገማት።




- ሕማም ርእሲ
- ሰዓል
- ቃንዛ ጭዋዳ
- ረስንን ድኻምን
- ሕጽረት ምስትንፋስ
- እቲ ቫይረስ **ብረስኒ** ዝጅምር ይመስል፡ ስዒቡ ከኣ **ደረቕ ሰዓል** ይገብር ብድሕሪኡ ድሕሪ ሓደ ሰሙን፡ ናብ **ሕጽረት ምስትንፋስ** ከምኡ ድማ ኣብ ገሊኦም ተሓከምቲ ኣብ ሆስፒታል ናብ ምድቃስ የምርሕ።

## ኣብ ስግኣተ ሓደጋ ኣለኹ ኢለ ዝኣምን እንተኾይነ እንታይ ይገብር፧

እንተድኣ ኣብ ቀረባ ግዜ ትጉዓዝ ነይርካ ኮይንካ ኣብ ዝለዓለ ናይ COVID-19 (ኮሮና ቫይረስ) ስግኣተ-ሓደጋ ኣለኻ። እቲ ኣብ ታሕቲ ዘሎ ሓበሬታ ዝኾነ ተወሳኺ ስጉምቲ ምውሳድ የድልየካ ድዩ ኣየድልየካን ኣብ ምግምጋም ክሕግዘካ ኣለዎ።

ክሳብ ዕለት 2/3/20 ኣብ ዘሎ ግዜ፡ እቶም ቦታታት ስግኣተ-ሓደጋ እዞም ዝስዕቡ እዮም፥ ኣውራጃ ሁበይ፡ ዉሃይ፡ ቻይና፡ ኢራን፡ ሰሜናዊ ኢጣልያ፡ ታይላንድ፡ ጃፓን፡ ረፓብሊክ ኮርያ፡ ሆንግ ኮንግ፡ ታይዋን፡ ሲንጋፖር፡ ማለይዝያ፡ ማካው፡ ቬትናም፡ ካምቦድያ፡ ላኦስ፡ ምያንማር ከምኡ ድማ ተነሪፈ። ሓድሽ ሓበሬታ ንኽህልወኩም፡ ኣብዚ ዝስዕብ ብጽሑ፥ [https://www.gov.uk/guidance/coronavirus-covid-19-information-for-the-public#risk-level](https://www.gov.uk/guidance/coronavirus-covid-19-information-for-the-public#risk-level)

ኣብ ዝኾና እዘን ልዑል ስግተ ሓደጋ ናይ COVID-19 ከምዘለወን ዝቊጸራ ሃገራት ኣብዘን ዝሓለፋ 1 መዓልታት ዝበጽሑ ተጎዓዝቲ፡ ንMigrant Help (ሓገዝ ስደተኛ) ብቑጽሪ ተሌፎን 0808 801 0503 ክትረኽብዎ ኣለኩም ከም ድማ ንMEARS Housing Manager (ኣመሓዳሪ መንበሪ ገዛ ሚርስ) ብዝተኻእለ መጠን ቀልጢፎም ክሕብሩ ወሳኒ እዩ፡ ዋላ'ውን ምልክታት ዘይብልኩም ኩኑ። ንሳቶም ነቶም ብመሰረት Public Health Guidelines (ህዝባዊ መምርሒታት ጥዕና) ከድልይኹም ዝኽእሉ ዝኾኑ ሓገዝ ወይ ሕክምናዊ ክንክን ምቕባልኩም ከረጋግጹ ይኽእሉ።

እንተድኣ ምስ ዶክተር ክትዛረቡ ደሊኹም፡ ናብ 111 (ዓዲ እንግሊዝን ስኮትላንድን) ደውሉ ወይ ናብ 0300 200 7885 (ሰሜናዊ ኣየርላንድ) ደውሉ ነቲ ተሌፎን ዝተቐበለኩም ከኣ ብዛዕባ ናይ ቀረባ እዋን ጒዕዞኹም ንገርዎ።

## ምኽሪ ህዝባዊ ጥዕና

### ምልባዕ ኣብ ምግታእ ሓግዙ

ከም ወቕታዊ ፍሉ፡ ተመሳሳሊ ናይ ጥዕና ምኽሪ ኣብ ኮሮና ቫይረስ (COVID-19) ግብራዊ ይኸውን እንተድኣ ትስዕሉ ወይ ትህንጥሱ ኣለኹም፡ ኣፍኩምን ኣፍንጫኹምን ንምሽፋን ሶፍት ተጠቐሙ፡ ድህሪ ምጥቃም ከኣ ብጥንቃቐ ደርብይዎን ኣእዳውኩም ከኣ ተሓጸቡን።

ፍሉ ከምኡ ድማ ተመሳሰልቲ ቫይረሳት ክላብዑ እንተጀሚሮም፡ እቲ ቀንዲ ኣገባብ ንተወሳኺ ምልባዕ ክገትእ ዝኽእል ጥዑይ ውልቃዊ ጽሬት እዩ። ኣእዳውኩም ብስሩዕ ምሕጻብ ፍሉ ከምኡ ድማ ካልእ ቫይረሳት ካብ ምልባዕ ኣብ ምግታእ ክሕግዝ እዩ።

እንተድኣ ሕማቕ ይስምዓኩም ኣሎ ኾይኑን ናብ ኮሮና ቫይረስ (COVID-19) ከኣ ተቓሊዕኩም ነይርኩም ከምትኽእሉ እንተጠርጢርኩም ካብ ገዛ ክትወጹ የብልኩምን ንናትኩም Housing Manager (ኣመሓዳሪ መንበሪ ገዛ) ከኣ ብዝተኻእለ መጠን ቀልጢፍኩም ሓብሩ። ናብ ደገ ኣይትውጽኡ ወይ ኣብ ካልእ ኣባይቲ ንዘለዉ ሰባት ኣይትብጽሑ፡ ናትኩም Housing Manager (ኣመሓዳሪ መንበሪ ገዛ) ድሕነትኩም ንምሕላው ኣጕምትታት ክወስድ እዩ።

ንምትሕብባርኩም ነመስግን




| ሓዝዎ | ጎሓፍዎ። | ቅተልዎ። |
|---|---|---|